# ብጾታዊ/ስጋዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ረኽሲታት ጎኖርያን ክላሚድያን

**ንቡር መተሓላላፊ ረኽሲታት ጎኖርያን ክላሚድያን ጾታዊ ርክብ ኢዩ። ዝኾነ መከላኸሊ ከይተጠቐምካ ብዝፍጸም ጾታዊ ርክብ ዝላብው ኮይኖም ሓደገኛ ጥዕናዊ ጸገም ከስዕቡ ይኽእሉ ኢዮም። በብግዚኡ ተመርመሩ፣ ንባዕልኹም ካብዚ ንምክልኻልን ንኻልኦት ከይሓልፎምን ድማ ኮንዶም ተጠቐሙ።**

## ጎኖርያ

- **ጎኖርያ እንታይ ኢዩ ?** ጎኖርያ ብሰንኪ ናይሰሪኢያ ጎኖርያ ዝበሃል ባክተርያ ዝለዓል ሓደ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ረኽሲ ኢዩ።

- **ንሱ ብምንታይ ይመሓላለፍ?** ጎኖርያ ኣብ ጾታዊ ርክብ ምስ ረቂቕ ሽፋን ብልዕቲ፣ መሃንቱስ ወይ ጉሮሮ ብዝግበር ምትንኻፍ ይመሓላለፍ። እዚ ብሕርሚ፣ ብመሃንቱስ ወይ ብኣፍ ብዝፍጸም ርክብ ጾታ ዝኸሰት ኢዩ። ጾታዊ ርክብ እንከይተፈጸመ ብልዕቲ ምስ ብልዕቲ ስለዝተተናኸፉ ጥራሕውን እቲ ሕማም ክመሓላለፍ ይኽእል ኢዩ።

- **ምልክታት፣** መብዛሕቱ ግዜ ዘጋጥም ምልክት ክትሸይን ከለኻ ዘቃጽል ቃንዛን ካብ ብልዕቲ ዝረኣ ፈሳሲን እዩ ። ብዙሓት ሰባት ብፍላይ መናእሰይ ደቂኣንስትዮ ዝኾነ ምልክት እንከይተረኣየን ሕማም ጎኖርያ ክህልወን ይኽእል ኢዩ። ንሱ ድማ ተኽእሎ ሓደጋ ካልእ ዝተሓላለኸ ከም ቁጠዐ ቱቦ እንቋቑሖን ረኽሲ ጎሎ ደቂ ኣንስትዮን ከስዕብ ይኽእል ኢዩ። ንደቂ ተባዕትዮ ቁጠዐ ውሽጣዊ ሓቛፊ ፍረነብሲ ከስዕበሎም ይኽእል ኢዩ። ካብዚ ዝገደደ ክፍጠር ዝኽእል ድማ መኻናት ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም።

- **ምኽንያት ኣገዳስነት ሕክምና፣** ምልባዕ እቲ ሕምም ንምዕጋትን ሳዕቤን ሓደገኛ ጥዕናዊ ጸገም ንምክልኻልን ቀልጢፍካ ሕክምና ምርካብ ኣገዳሲ ኢዩ።

## ክላሚድያ

- **ክላሚድያ እንታይ ኢዩ?** ክላሚድያ ብሰንኪ ክላሚድያ ትራኮማቲስ ዝብሃል ባክተርያ ዝለዓል ሓደ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ረኽሲ ኢዩ።

- **ንሱ ብምንታይ ይመሓላለፍ?** ክላሚድያ ኣብ ጾታዊ ርክብ ብረቂቕ ልፋጫዊ ሽፋን ብልዕቲ፣ መሃንቱስ ወይ ጎሮሮ ብዝግበር ምፍሕፋሕ ይመሓላለፍ። እዚ ብሕርሚ፣ ብመሃንቱስ ወይ ብኣፍ ብዝፍጸም ስጋዊ ርክብ ዝኸሰት ኢዩ። ስጋዊ ርክብ እንከይተፈጸመ ብልዕቲ ምስ ብልዕቲ ስለዝተተናኸፉ ጥራሕውን እቲ ሕማም ክመሓላለፍ ይኽእል ኢዩ።

- **ምልክታት፣** መብዛሕቱ ግዜ ዘጋጥሙ ምልክታት ክትሸይን ኮለኻ ዘቃጽል ቃንዛ፣ ካብ ብልዕቲ ዝወጽእ ፈሳሲ፣መድመይቲ ድሕሪ ስጋዊ ርክብን ቃንዛ ኣብ ማህጸንን ኢዮም። ዝበዝሑ ሰባት ዝኾነ ምልክት የብሎምን። ንሱ ድማ ተኽእሎ ሓደጋ ካልእ ዝተሓላለኸ ከም ቁጠዐ ቱቦ እንቋቑሖን ረኽሲ ጎሎ ደቂ ኣንስትዮን ቁጠዐ ውሽጣዊ ሓቛፊ ፍረነብሲ ከስዕብ ይኽእል ኢዩ። ካብዚ ዝገደደ ክፍጠር ዝኽእል ድማ መኻናት ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም።

- **ምኽንያት ኣገዳስነት ሕክምና፣** ምልባዕ እቲ ሕምም ንምዕጋትን ሳዕቤን ሓደገኛ ጥዕናዊ ጸገም ንምክልኻልን ቀልጢፍካ ሕክምና ምርካብ ኣገዳሲ ኢዩ።

## ኣቐዲምካ ምክልኻል

- **መከላኸሊ፣** ስጋዊ ርክብ ተጀሚሩ እስካዕ ዝውዳእ ኮንዶም ብምጥቃም ጎኖርያን ክላሚድያን ምክልኻል ይከኣል ኢዩ። ንመናእሰይን ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲን ኮንዶም ካብ ጣብያ ጥዕናን www.gratiskondomer.no ብዘይ ክፍሊት ምውሳድ ይከኣል ኢዩ።

- **መዓስ ኢኹም መርመራ ክትገብሩ ዘለኩም?** ብዘይ መከላኸሊ ምስ ሓድሽ ሰብ ስጋዊ ርክብ እንተፈጺምኩም ወይ ብዘይ መከላኸሊ ስጋዊ ርክብ ፈጺምኩም እሞ ሕማም ሓሊፉኒዩ ኢልኩም እንተሓሲብኩም መርመራ ጎኖርያ ወይ ክላሚድያን ድሕሪ ክልተ ሰሙን እንተገበርኩም ይምረጽ።

## ሓደ መርመራ ከመይ ይሳለጥ?

- **መርመራ ሽንቲ፣** ኣወዳት ጎኖርያን ክላሚድያን ኣለዎም ወይስ የብሎምን ንምፍላጥ መርመራ ሽንቲ ክገብሩ ይኽእሉ ኢዮም።
- **ብጡጥ ፋሕፊሕኻ ዝውሰድ መርመራ፣** ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ጫፉ ጡጥ ዘላታ ቀጣን ጎማ ካብ ውሽጢ ብልዕተን ፍሕፍሕ ኣቢለን ክምርመራ ይኽእላ ኢየን። ኣድላዪ እንተኾይኑውን ካብ ጎሮሮ ወይ መሃንቱስ መርመራ ክውሰድ ይከኣል ኢዩ።
- **ውጺኢት፣** ውጺኢት መርመራ ከምቲ ልሙድ ካብ ሒደት መዓልታት እስካዕ ሓደ ሰሙን ኣብ ዘሎ ግዜ ይወሃበኩም። ውጺኢ እቲ መርመራ ፖዘቲቭ እንተኾይኑ ብዛዕባ ሕክምና ሓበሬታ ክወሃበኩም ኢዩ።

## ሕክምና ጎኖርያን ክላሚድያን ከመይ ኢዩ?

- **ኣንቲባዮቲክስ፣** ሕክምና ጎኖርያን ክላሚድያን ኣንቲባዮቲክስ ምውሳድ ኢዩ።
- **ምክትታል፣** ሕክምና ምስወሰድካ እቲ ረኽሲ መሊኡ ከምዝጠፈአ ንምርግጋጽ ደጊምካ መርመራ ምውሳድ ኣገዳሲ ኢዩ።

## ኣበይ መርመራ ክትገብሩ ትኽእሉ?

- **ጥዕና ጣብያታት ንመናእሰይ**
    - ጥዕና ጣብያ ንመናእሰይን ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲን በርገንሁስ/ኦርስታድ
    - ኣብ ኔስቱን ጥዕና ጣብያ ዝርከብ ናይ መናእሰይ ጣብያ ጥዕና
    - ኣብ ጣብያ ጥዕና ኦኣስን ዝርከብ ናይ መናእሰይ ጣብያ ጥዕና
    - ናይ መናዕሰይ ጣብያ ጥዕና ኣርናን ኦሳናን
- ኣገልግሎት ሕክምና ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ ኣብቲ ቤት ትምህርትኹም ዘላ ነርስ
- ፖሊክሊኒክ ብስጋዊ ርክብ ዝመሃላለፉ ረኽሲታት፣ ኣብ ሆስፒታል ሃውክላንድ
- **ኣብ ቀዋሚ ዶክተርኩም**

## ክንደይ ይኽፈል?

- መርመራን ሕክምናን ጎኖርያን ክላሚድያን ኣብዘን ዝተሓበራ ኣገልግሎት ሕክምና ብናጻ ኢየን።